# ጉዳይ ሃገርና ኣብ ንቡር ንኽምለስ
# ብውህደት ንቃለስ

ክቡራት ኤርትራውያን፣ ቅድሚ ኩሉ ሰላምታይ ይብጻሕኩም ብምቕጻል፣ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት፣ ንማንም ዘቕስን ኣይኮነን፣ ህዝቢ ግን ጌና ነቲ ዘሎ ሽግር ንምፍታሕ ዘኽእል ዓቕሚ ስለ ዘይብሉ፣ኣብ ሓደ እዚ ኢዩ ክትብሎ ዘይትኽእል ጭንቀትን መፈጠርካ ዘጽልእ ሂወትን ተዋሒጡ፣ ኣብ ከቢድ ሽግርን ጸበባን ክነብር ተገዲዱ ኣሎ፣ ስለ እዚ ሎሚ ኩሉ እቲ ብህዝብን ሃገርን ይግደስ ኢየ ዝብል ኤርትራዊ ፣ በብዓቕሙን በበቲ ዝኽእሎን ነቲ ዘሎ ኩነታት ኣብ ንቡር ንምምላስ ክጽዕር ኢዩ ዝግባእ። ነዚ ብሓባር ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዘጨንቕ ዘሎ፣ ከቢድ ኩነታት ንምልዋጥ ኩሉ ኣሎ ዝብሃል ግዱስ ኤርትራዊ እናተዋሰኤን እናተረዳድኤን ዓቕምታቱ ኣዋሃሂዱ ፣ ብዘይ ውዓል ሕደር ኣብ ምድላይ ሓንቲ ኩሉ ዝኣምነላ ፍታሕ ክበጽሕ እሞ፣ ሓቢሩ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ክሰርሕ ኢዩ ዝግባእ፣ ምውህሃድ ክብሃል ከሎ ኣብ ዝኾነ ውድብ ዲዩ ካልእ ማሕበር ሃሉ ነቲ ዘሎ ሽገር ንምፍታሕ ትዋሃሃድ ወይ ስምምዕ ትገብር እምበር ሓደ ውድብ ክትከውን ናይ ግድን ኣይኮነን፣ ከምኡ እንተኾይኑ እሞ እቲ ንነባሪ ክህሉ ዝእመነሉ ብዙሕነት ናይ ምኽባር ድልውነት ከም ዘይብልካ ይበርህ ኣሎ ማለት ኢዩ። ውህደት ነቲ እትደልዮ ዕላማ በይንኻ ኮንካ ኣብ ዘድሊ ከተብጽሖ ስለ ዘይትኽእል ኣብ ዕላማኻ ንምብጻሕ ዝግበር ስምምዕ ጥራይ ኢዩ፣ ስለ'ዚ እቲ ብቕዳምነት ክርኤ ዝግብኦ እቲ ብውድባት ብመገዲ ምሕዝነት ሓቢረን ነቲ ስርዓት ክቃለሳ ዝበጽሖኦ ስምምዕ ጥራይ ኢዩ ኔሩ።

እዚ ሕጂ ብኣንጻር እቲ ብምሕዝነት ተጀሚሩ ዝነበረ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ተዋሃሂድካ ኣብ ህዝብን ሃገርን ምድሓን ኣብ ክንዲ ምትኳር፣ ብዝድላዩ ጊዜ ይውሰድ ንህዝቢ ዝድላዩ ሽግር ይብጽሓዮ ስልጣንካ ከየረጋገጽካ ንሃገር ምእታው ኣየርብሓናን ዝብል መርገጽ ነቲ እምነት ናይ ብዙሕነት ዝጻረር ስለ ዝኾነ መላኺን ተመላኺን ኮይኖም ሃገር ንምብሓት ዝቃለሱ ምግልጋል ስለዝኾነ ነቲ ከይፈለጥካ ኣብ ኢድ ኢሳያስ ክትኣቱ ዝገበረ መስርሕ ምድጋም ኢዩ። ብሓሳብ ምፍልላይ ኣብ ዓለም ቅቡልን ኣብ መስርሕ ምዕባለ ክቕልቀል ባህሪያውን ኢዩ፣ ከምዚ ናትና ወይ ብዝኾነ ዲክታቶር ዝተዓብለለ ሃዋህው ኩሉ ጊዜ እንተስ ብፍርሂ እንተስ ብጉርሒ ንኣኻ መሲሎም ነቲ ዲክታቶር ዝሕግዙ ብዙሓት ኢዮም ብሰንጥቅ ምስኦም ተፈላሊኻ ቃልስኻ ምስ ጀመርካ ጥራይ ኢዩ፣ እቲ ቅኑዕ ቃልሲ ጥዑይ ኣንፈት ክሕዝ ዝኽእል። ንኣብነት ኣምባሳደር ኣድሓኖም ገብረማርያም፣ ነዚ ስርዓት እዚ ካብ ምእላይ ሓሊፍካ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ምስኡ ክትሳማማዕ ዘይከኣል ኢዩ ኢሉ ቆሪጹ ዝተበገሰ ምስ መሰለ ነቲ ስምረት ምስ ኪዳን እውን ኣድላዪ ኮይኑ እንተረኺብናዮ ኢና ንሰምር ምስ በለ እውን ነቲ ኣብ ሞንጎ ኪዳን ዘሎ ዘይምርድዳእ ኣስተባሂሉሉ ከም ዘሎ ጌሩ ስለ እተውስደ። እቶም እዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ንጹር መኣዝን ክሕዝን፣ እቲ ስርዓት ክወድቕን ዝደልዩን፣ ነቲ ዝብሎ ዝነበረ ቅኑዕ ኣባሃህላ ዝኣመኑን ኩሎም፣ ናብኡ ክቐርቡ ተደናዲኖም ኔሮም ኢዮም፣ ደጊም ነገር ጸርያ ኢያ፣ ንህዝብና ዘድሕን ንጹር ቃልሲ እዚ ኢዩ ኢሎም'ውን ኣሚኖምን ተስፋ ጌሮምን ኔሮም ኢዮም። ሎሚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ እምብኣር፣ መልክዑ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሞንጎ ጀብሃን ሻዕብያን ዝካየድ ዝነበረ ንህዝብና ዘየርብሕ ናይ ኣውዲቕካ ሕለፍ ዝዓይነቱ ምትህልላኽን ብኣንጻር እቲ ኣብ ምጅመር ምሕዝነት ዝተወጠነ ናይ ሃገር ኣድሕን ምትእኽኻብ ኢዩ፣ ክብሃል ይክኣል። ክቡራት ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ እዋን ዘሎ እዚ ኮይኑ፣ ካብ'ዚ ብምብጋስ ተሞክሮና ፈቲሽና እቲ እንሕዞ ምእንቲ ክንፈልጥ፣ ንሕሉፍን ህልዊን ስቓይ ህዝብናን፣ ኩነታት ሃገርናን፣ ስለምንታይን ኣበይ ንምብጻሕን፣ እንታይ ንምግባርን ከም እተቓለስናን፣ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታትከ ኣለናን፣ ሕጂኸ እንታይ እንተገበርና ንዝካየድ ዘሎ ጉዕዞ ቃልሲ ጥዑይ ኣንፈት ነትሕዞን፣ ዝሓሸ ኩነታት ጉዕዞ ቃልሲ ኣብ ምፍጣር ክሕግዙና ዝኽእሉ ሓሳባት ንድህስስን ኣብ ዝብል ኣቲና ክንፍትሸን ኣማራጺ ስጉምቲ ንምውሳድ ክንዝትን ኣለና፣ ቃልስና እቶም ሰብ ሕልና ኣብ ልዕሊ ስቓዮም ሕምየት በዚሑውም ዘሎ ዝሳቐዩሉ ዳኣምበር ዝኾነ ይኹን ተስፋ ዝህብ ኣንፈት ኣይሓዘን ዘሎ፣እቲ ሕሉፍ ተሞክሮ ናይ ብረታዊ ቃልስና ኣማዓባብላ ናይ ክእለትን ኣታሓሳስባን ደቂ ሰብ ማለት ናይ ምሁራት ይኹን ሰብ ተሞክሮ ዝሓጽርን፣ ንኽእለታቶም ናብ ጠቕሙ ብምልዋጥ ህላውየኦም ዝኽሕድን ብምንባሩ፣ ብዙሓት ነገራቱ ኣስደሚሙዎም ዘጽቀጡን ካብቲ ንምእላዩ ኣሸጋሪ ኮይኑ ዝራኣየካ ኩነታት ዝርሓቑ ሓለይቲ ህዝብን ሃገርን ከምዘለው ስለ ዝኣምን፣ እሞ ሎሚ ኣብዛ ሕማቕ እዋን ዝኾነ ሰብ ንህዝቡን ሃገሩን፣ ሓሳባቱን ዘለዎ ክእለትን፣ ካብ ምክፋል ክዕገት የብሉን ባሃላይ ስለ ዝኾንኩ ፣ ኩልና ከይተኻፈልናዮ ካኣ ንድሕነትና ዝኸውን ፍታሕ ህምጽእ ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ዘይሕለም ኢዩ። ሰባት ኣብ ዝገብርዎ ምርድዳእ ዝፈጥርዎም ሓሳባት ቅቡላት ኮይኖም ዝትግበሩ መብዝሕትኡ ጊዜ እቲ ናብ ህዝቢ ዘቕርብዎ ሓሳባት ብዙሓት ምስ ዝቕበሉዎን፣ ይኹነልና ምስ ዝብሉዎን ጥራይ ኢዩ ቅቡል ዝኸውን፣ ኩሉ ይፈልጥ ኢየ ዝብል ካኣ፣ ነዛ ኣነ ዝብላ ኢያ ቅንዕቲ ትብል ድርቅና ዝመሰረታ ዘይተራዳድእ ኣታሓሳስባ ክውግድ ምስ ዝኽእል ጥራይ ኢዩ ኣብ ምርድዳእ ክብጻሕን

እቲ ዘቕረቦ ጥዑይ ሓሳብ ቅቡል ክኸውን ዝክኣልን፣ ስለ'ዚ ብምጽውዋርን ምክብባርን እነቕርቦ ሓሳባት ተቐባልነት እናረኸበ ኣብ ፍታሕ ንኽንበጽሕ ነብስና ሰሪዕና ንቃለስ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዝክኣለና ብምጽውዋርን ሓሳብ ንሓሳብ እናተቐባበልና ብእንካን ሃባን ህዝቢ ንምድሓንን ኩነታት ሃገርና ኣብ ንቡር ንምምላስን ፣ ብዘይ ውዓል ሕደር ብሂወት ኣድሕን ዝዓይነቱ ሕልና ነቲ ዘሎ ቃልሲ ክንሳተፎን ንምዕዋቱ ክንነጥፍን ይግባኣና። ሎሚ ኩልና ንመነባብሮ ህዝብናን፣ ንኹነታት ሃገርናን፣ ንርእዮን ንከታተሎን ከም ዘለና፣ ኣብ' እዚ ሎሚ እዋን ኤርትራውያን ኡፈየ ኢልና ንሓድረሉ ዘይኮነስ፣ ብሽግር ህዝብና፣ ለይቲ ምስ ማዓልቲ ክንሓስብ፣ ክነስቆርቁር፣ መዋጽኦ ክንፈጥር ኣብ ሃሰስ ሓዲርና ክንውዕል እሞ፣ መዋጽኦ ዝኸውን ሓሳባት ብምድህሳስ ፣ንህዝብና ካብ ዘለዎ ስቓይን ፣ ንሃገርና ካኣ ካብ ዘላቶ መዋጥርን ንምድሓን ንኽንሰርሕ ብሓባር ክንልዓል እዋኑ ይጠልበና ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነት ክቃለስ ኢሉ ካብ ዝጀመረሉ ኣትሒዙ፣ ብዛዕባ ነጻነት ኤርትራ ይኹን ኣመጻጽእኡን ኣተገባብርኡን ዘይተገልጸ ሓሳባት ኣይተረፈን ፣ ክግበር ዝግብኦ ካኣ ብጀካ እታ ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ዝደልዮ ትኾነሉ መሲሉዎ ኩሉ እንትንኡ ሂቡ ዘዕቆባ እሞ ካብ ደሞክራ ሲያዊ ዝኾነ ህዝባዊ ሓርነት ተነጺላ ስለ ዝተረኽበት፣ ንህዝብና መሃነኑ ኣጥፊኣትሉ ዘላ እትብላ ዝጠፍኣካ፣ ናብ ኣዳልያና ኣእትያትና ዘላን ሃገራዊ ነጻነት፣ ዋላ ሓንቲ ዝተገብረ የለን። እቲ ቓልሲ ባህርያቱ ከምኡ ስለ ዝኾነ ግን ኣብቲ ዘድሊ ክሳዕ ዝብጻሕ ቃልሲ ቀጻሊ ኢዩ፣ ኣብ ማዓልቦኡ ከይበጽሔ ጠጠው ክብል ካኣ ባህሪኡ ኣየፍቅደሉን'ዩ፣ እቲ ኩነታት ከይደቀሰን እቲ መነባብሮ ኣብ ንቡር ከይተመልሰን ካኣ ንኹሉ ሕልና ዘለዎ ኤርትራዊ ዘደቅስ ኣይኮነን፣ ስለ'ዚ ጎድንኻ ክድቅስ ፣ ጎድኒ ብጻይካ ይደቅስ ከም ዝብሃል ፣ እቲ ሽግር ከምቲ ኩሉ ዝደልዮ ኮይኑ ክሳዕ ዝፍታሕ ፣ ኩሉ እቲ ብሃገሩ ዝቖርቆር ኤርትራዊ ድቃስ ኣይክረክብን ኢዩ፣ እዚ ቃልሲ ኣብ ምዓልቡኡ ከይበጽሕ ዘደንጕዩ ዘሎ ካኣ ፣ ህዝቢ ኤርትራ ንዘሎ ኩነታት ብማዕረ ተረዲኡ ኩሉ ብሓባር ክትሳኣሉ ብዘይምኽኣሉ ጥራይ ኢዩ። ኤርትራ ነጻ ንምውጻእ ብረታዊ ቃልሲ ክጅመር ከሎ፣ እታ ብውዑል ፈደረሽን ተሰንያ ዝተተኸለት ባይቶና መሊስካ ኣብ ዝነበረቶ ንምምላስ ኢዩ ኔሩ፣ ክሳዕ ሎሚ ካኣ ብዛዕብኡ ካብ ምዝራብ ሓሊፉ ዝተገበረ ነገር የለን፣ ውዒሉ ሓዲሩ ካኣ ከምቲ ኣብ ንግሆ ማለት ምእንቲ እታ ዝነበረት መንግስትናን፣ ባይቶናን፣ ባንዴራናን ቅድም ኣብ ንቡር መሊስና ብመግዲ ሕጊ ምስ ኢትዮጵያ ምሕዋስ ኣየድልየናን ክንብል ኢዩ ብረታዊ ቃልሲ ተጀሚሩ፣ነገር ግን ከምቲ ዓለም ንጉዳይና ብመገዲ ሕጊ ክርእዮ ዝተጸበናዮ ኣይኮነን፣ ዓለም ነቲ ጉዳይ ብዙሕ ተዛሪቡሉ ከብቅዕ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ዝደልዮ ኣይገበረሉን፣ ከምቲ ኢትዮጵያ ዝደለየቶ ፣ ጌሩ ስለ ዝገደፈና ካኣ ኣብ ብዓቕምና ክፍታሕ ዘይኽእል ሽግር ኣውዲቑ ገዲፉና ፣ ህዝቢ ኤርትራ ግን ነቲ ከቢድ ነገር፣ ክብደቱ ልዕሊ እቲ መሪር ባዕዳዊ መግዛእቲ ጌሩ ስለ ዘይራኣዮ፣ ተቓሊሱ ተዓዊቱሉ። ሕጂ'ውን መወዳእትኡ ናይ'ዚ ነካይዶ ዘለና ቃልሲ ነሳ ኢያ፣ ሃገር ብምኽሪ ስለ ትኸይድን ሕጊ ጌራ ትናበርን ባይቶ ተኺልና ከም ኩሎም ህዝብታት ዓለም ኩሉ ዘለና ኰና ክንነብር ኢዩ እቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ፣ እቲ ኣብ ጊዜ ብረታዊ ቃልሲ ብውድባት ዝተፈጸመ ጌጋ ፈቲና ጸሊእና ናትና ስለዝኾነ ንጽሓፍቲ ታሪኽ ዝግደፍ ኢዩ። ግን እቲ ክሳዕ ሕጂ ክንሳማማዕ ከምዘይንኽእል ዝገብር ዘሎ፣ ናቱ ሰረት ስለ ዝኾነ እቲ ጌጋ ንኸይድገም ክትብል ክትጠቕሶን፣ ሓደ ሓደ ንምትብባዕ ድዩ ኣብ ቃልሲ ንምጽናዕ ይሕግዝ ኢዩ ዝበልካዮ ጽቡቕ ነገራት ክትጠቅስን ይክኣል ኢዩ። እቲ ኩሉ ዝግለጽ ግን፣ ብኸመይ ነዚ ዘሎ ሕማቕ ናብ ጽቡቕ ቀይርካ ሃገር ይረግእን ህዝቢ ሰላምን ራህዋን ይረክብን ካብ ዝብል ዝተበገስን፣ ፍታሕ ንምምጻእ ዘኽእል ሓሳብ ንምርካብ ዝዓለመን ካብ ምኻን ሓሊፉ ካልእ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ንምፍትሑ ቀሊል ዘይኮነን ዝተሓላለኸን ሽግር ኢዩ ዘለና፣ ምኽንያቱ ኩሎም ዲክታቶራት ሰብ ከይነቕሖም ከሎ፣ ኣደልዲሎምዎ ዝጸንሑ ብዙሕ ምስጢራውን ቅሉዕን ዝኾነ ድፋዓት ኣለዎም፣ ሓደ ክብኡን ቀንድን ሕብረት ናይ ህዝቢ መጥፊኢኦም ምኻኑ ስለዝፈልጡ ንህዝቢ ከም ዘይሳማማዕ ጌሮምን ዝተሓላለኸ መርበብ ስለያ ዘርጊሖምን ብጸቢብ ከም ዝሕዝዎ ኢዮም ዝገብሩ። እቲ ዝገብርዎ ተንኮላት ንምስዋር ካኣ ብዝተፈላለየ ፕሮፓጋንዳ ነቲ ህዝቢ ዘዳናግር ማዓልታዊ ዘመተ ዘዋፍሩ ኣሃዱ ኣለውዎም፣ ናይ ሓሶትን ምቅብባልን ሰራዊቶም ዕድመ ስልጣኖም ኣብ ምንዋሕ ብቐንዲ ዝርእዩዎ ስለ ዝኾኑ፣ ዝልዓለ ክንክን ዝግበረሎም ኢዮም፣ ስለ'ዚ እቲ ዘርጊሖምዎ ዘለው መፈንጠርያታት ኣገዳስነት ኣለዎ፣ ብኡ ኢዩ ህዝብና ኣፉ ተዓጽዩ ንዘጋጥሞ ዘሎ መሪር ኩነታት፣ ከምዘይፈልጦን ዘይስምዖን ኮይኑ ከሕልፎ ተገዲዱ ዘሎ።

ኣብ ሃገር ኣባላት ባይቶ መሪጽካ ብፍቓድካን ብወረቐትካን እትኣምኖም መራሕቲ መሪጽካን ኩልኻ ኣሜየን ኢልካ እትቕበሎ መንግስቲ ከይተኸልካ ሃገር ንዘንት እለት ናይ ከምዚኦም ዝበሉ እከያት መራሕቲ ኮይና ኢያ ትተርፍ፣ ኣብ ዘለናዮ መዋእል ዋላ ሓንቲ ሃገር ብዘይ ባይቶን ሕግን ከም ሃገር እትነብር የላን፣ ዓለም ብሕጊ ኢያ ረጊኣ ትነብር ዘላ፣ ንናይ ዓለም ኣህዛብ ድላያት ኣዋሃሂዱ ብሰላም ክነብሩ ዘኽኣለ ሕጊ ኢዩ፣ ሰባት ሰዓርን ተሳዓርን ኮይኖም ዝበጽሕዎ መደምደምታ ንሓደ ጎዲኡ ንሓደ ዝጠቅም እምበር መሰል መላእ ህዝቢ ዘውሕስ ኣይኮነን፣ ከምኡ ስለ ዝኾነ ኢና ኣብ ዕንክሊል ንነብር ዘለና።

እዚ ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ኢየ ዝብል ስርዓት ኣልቦ ቅርጹ ልክዕ ከም ናይ እቶም ዝገዝኡና ዝነበሩ ባዕዳውያን ኢዩ፣ ንሳቶም በቲ ኣብ ርሑቕ ማለት ኣብ ሃሃገሮም ኮይኖም ዝገዝኣና፣ እቲ

ስርዓቶም ኣይንፈልጦን ኢና ኔርና፣ እቶም ሃገርና ክሕዙ ዝመጹ ወታሃደራቶም ኢዮም ከምቲ ዝደልዩዎ ጌሮም ዘማሓድሩና ኔሮም፣ ስለ'ዚ ስርዓቶም ብወረ እንተ ዘይኮይኑ ብግብሪ ኣይንፈልጦን ኢና፣ እቲ ኣብ ልዕሌና በቶም ወታሃደራት ዝፍጸም ዝነበረ ካኣ፣ ንኣና ምስ ደገዝማቲ መን ተማጓቲ ኢዩ ኔሩ፣ ዝበሉና ኢና ንኽውን ኔርና። እዚ ስርዓት እዚ እውን ኣባላት ባይቶ ኢሉ ዝጽውዖም ይኹኑ ካልኦት ሰበ-ስልጣን ብኽመይ ኣብ ስልጣን ከም ዝመጹን መን ከም ዝመረጾምን ህዝቢ ዝፈልጦ ኣይኮነን ኣማጻጽእኦም ልክዕ ከምቶም ባዕዳውያን፣ ህዝቢ ብዘይፈልጦ መገዲ ኣብ ዘለውዎ ኮፍ ኢሎም በቶም ወታሃደራቶም ጌሮም ይቕጥቅጡና ኣለው፣ ኩሉ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝፍጽምዎ እውን ልክዕ ከምቶም ባዕዳውያን ዘይብሃሎ ኢዩ፣ ናበይ ኬድካ'ኸ ክትጠርዕ ትኽእል፣ ሎሚ'ውን ምስ ደገዝማቲ መን ተማጓቲ ኢዩ ዘሎ፣ ጌና ብዘይ ሕጊ ንነብር ኣለና ማለት ኢዩ። ስለ'ዚ ሕቶና ሎሚ'ኸ እንታይ ንግበር ኢዩ፣ እቲ ናይ ሰንሰለታዊ መግዛእቲ ሕሰም መወዳእታ ምስ ተሳእኖን ፣ ስቓይ ህዝቢ ንውለዶታት ምስ ተናውሔን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ዝለዓለ ኣንፈት ኣምርሐ፣ ግን ቅድሚ ብረታዊ ቃልሲ ምጅማሩ፣ ማሕበር ሸውዓተ ዝብሃል ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ፣ ኣብ ትሕቲ ናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምስጢር ይካየድ ኔሩ፣ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ኮይና ካብ ዝብል ነታ ጉዳይና ተራእዩ ብዓለም ተለጊሳትልና ዝነበረት ናይ ፈደረሽን ባንዴራ ምስ ኣውረዱዋ ካኣ፣ እቶም ሽዑ ንቓልሲ ዝመርሑ ዝነበሩ ተቓለስቲ ሓደ ዘታባብዕን ተስፋ ዝህብን ሓሳብ ነቶም ብማሕበር ሸውዓተ ተወዲቦም ዝቃለሱ ዝነበሩ ኣባላቶም ከም ዝማሓ ላለፈሎም ገበሩ።
ንሱ ካኣ ባንዴራ ወሪዳ ባይቶና ተዘንዚሩ ካብ ዝብል ተስፋ ናይ ምቕራጽ ስምዒት ንምድሓን ኢዩ ኔሩ፣ ትሕዝቶኡ ካኣ ከምዚ ይብል፣ እዚ ኢትዮጵያ ጌራቶ ዘላ፣ ንኣና ዝጣዓመን ንቓልስና ሓጋዝን ክኾነልና ኢዩ፣ ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ነቲ ብሕቡራት መንግስታት ዝጸደቐ ውዑል ናይ ፈደረሽን ብኢደ ወነና ስለ ዘፍረሰቶን ውዑል ስለ ዘየኽበረትን። ካብኡ ተላዒሉ እውን ናይ ኤርትራ ገንዘብ ሚኒስተር ዝነበረ ግራዝማች ተኽለ-ሃይማኖት ቦኽሩ ናብ ሕቡራት መንግስታት፣እቲ ናይ ኢትዮጵያ፣ ነቲ ብሕቡራት መንግስታት ዝጸደቐ ናይ ፈደረሽን ውዑል ጥሒሳ ብሓይሊ፣ንኤርትራ ናይ ኢትዮጵያ ኣካል ምግባራ ጠቒሱ ብተለግራም ጥርዓን ናብ ሕቡራት መንግስታት ጌሩ ኣሎ። ስለ እዚ ሕቡራት መንግስታት ነቲ ሕጊ መሊሶም ክርእዩዎን ፣ እዚኦም ነጻነቶም ይርከቡ ዝብል ብይን ክህቡን ተስፋ ንገብር፣ኢሎም ልቢ ዘረስርስ ሓሳብ ብምሃብ ነቲ ኩሉ ኣብ ቃልሲ ዝነበረ ጊዚያዊ ቅሳነት ረኺቡ ቃልሱ ከም ዝቕጽል ጌሮምዎም። ብዝኾነ እቲ ሕቡራት መንግስታት ንኢትዮጵያ፣ ኤርትራ ነጻ ትኹን ግደፍያ ከም ዝብልዋ ጌሩ ኣብ ርእሲ ምእማን ካብ ውጽኢት እቲ ብሰላማዊ ሰልፍን ካልእን ዘካይዶ ዝነበረ ሰላማዊ ዝኾነ ኣገባብ ቃልሲ፣ ብሰላማዊ መንገዲ ካብ ኢትዮጵያ ነጻነት ክርከብ ዘይክኣል ከም ዝኾነ ዘረጋገጸ ህዝቢ ኤርትራ ተሪር ብረታዊ ቃልሲ መስሪቱ፣ ተቓሊሱ ክትግብሮ ዝነቐለሉ ካኣ እታ ብጥበብ ምስ ምዕራባውያን ርክብ ብምድልዳል ተተናኹሉ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘፍረሳ ባይቶ ኤርትራ ኣብ ዝነበረቶ ንምምላስ ኢዩ ዝነበረ፣ በቲ እዋን እቲ ንሳ ሒዝካ ኢኻ እታ ተድሊ ነጻነት ብሕጊ ትረኽባ ዝብል እምነት ኢዩ ኣብ ኣታሓሳስባ ተቓለስቲ ኔሩ፣ ይቕጽል፣- ሰናይ ቅነ።

## ክብርን ዝኽርን ንስዋኣትና
## ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

## በላይ መስፍን ጀርመን